ሃገራዊ ሰልፊ

ዕንትርና - ብልጽግና - ሓጐስ

## መዘክር ቁጽሪ 5

## መሰረት ኩሎም ማሕለኻታት ቃልሲ ኤርትራውያን ንፍትሒ

*ቃልሲ ኤርትራውያን ንፍትሒ ስለምታይ ኢዩ ክሳብ ሕጂ ዘይተዓወተ* ዝብል ሕቶ መሰረታዊ ሕቶ ኢዩ። ሃገራዊ ሰልፊ ንጉዕዞኡ ከንቅሎ እንከሎ፡ ነዛ መሰረታዊት ሕቶ ፊት ንፊት ብምግጣምኢዩ ጀሚርዎ። መስረትን ሰብ ራእን ሃገራዊ ሰልፊ፡ ካብ ፈለምኡ፡ ነዛ ኣገዳሲት ሕቶ ብዕቱብ ብምርኣይ፡ ንዉህሉል ተሞኩሮኦም ኣብ ቃልሲ ንፍትሕን ንሕሉፍ ጉዕዞ ተቓለስቲ ኤርትራውያን ንፍትሒ፡ ብትኹረት ድሕሪ ምግምጋምን ምጽናዕን፡ ዓንቀጽቲ ቃልሲ ኤርትራውያን ንፍትሒ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ፡ እቶም መሰረት ኩሎም ምኽንያታት ዘይምዕዋት ግን ብኩራት ብቑዑን በዓል ራእን መሪሕነትን ሕጽረት ህዝባዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ምዃኖም ዩ ኣስተብሂሎ። እዚ ማለት ክሳብ ሕጂ ቃልሲ ኤርትራውያን ንፍትሒ፡ ሽሕ እኳ ነዊሕ ግዜ ዘቑጸረ እንተኾነ፡ ትኩርን ኣማእካልን ዝኾነ፡ ፖለቲካዊ ብስለት ዝዓጠቐ፡ ናይ ጽባሕ ፍትሓዊት ሃገር ካብ ማዕዶ ዝረኣየ፡ ተጻዋርነት ዘለዎ፡ ብቑዕ ኣፍልጦ ማሕበራውን ፖለቲካውን ክውንነት ኤርትራን ከባቢኣን ዘለዎ ፡ በዓል ተራ ኢየ ኢሉ ቅድሚት ዝሰጎመ መሪሕነት ክፈጥር ኣይከኣለን።

ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣብ ዝተፈላለየ ጥርናፈታት ዝተማቓቐለ፡ እዚ እዩ ዝብሃል ምትሕሓዝን ሓባራዊ ሃገራዊ ኣረዳድኣ ዘይብሉ፡ ግን ከኣ ብቑጽሪ ብዙሕ ተቓላሲ ንፍትሒ ኣበየ ኩርንዑ ተዘርጊሑ ንሪኦ ኣለና። ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ ደምበ ቃልሲ ንፍትሒ ዘሎ ሓፋሽ ብኸፊል፡ ብቑዕ ፖለቲካዊ ንቕሓት ካብ ዘይምውናኑ ዝተላዕለ፡ ንናይ ቃልሲ መራሕቱ ከለልን ተሓተቲ ክገብሮምን ዝሽገር፡ ኣብ ንኡሳንን ዘየገድሱን ኣርእስትታት ክመላለስ ግዜ ዘጥፍእ፡ ኣብ ክንዲ ስነሓሳብ ማእኸል ዝገበረ፡ ዕስለኣዊ ኣካይዳ ዝመርጽ፡ ብሓባር ንሃገራዊ ክብርታቱ ክከላኸል ዝሽገር ካብ ዝኸውን፡ ውሑድ ግዜ ኣየቑጸረን።

ብፍላይ ኣብቲ ሕጂ ብኣብዘሓ ንባይታ ቃልሲ ተረኪቡ ዘሎ መንእሰይ ተኸሲቱ ዘሎ፡ ብዕዉር ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ፍረ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ውልቀ መላኺ ሓሲብካ ምጽያንን ዘይተነጻረ ሃገራዊ መንነት ሒዝካ ምግላብን ውጺኢት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ፡ ሕጽረት ንቕሓት እዩ። ሃገራዊ ሰልፊ ነዞም ብድሆታት ብንጹር ብምርኣይ፡ ደጊሞም ኣብ ቃልሲ ንፍትሒ ዓንቀጽቲ ናብ ዘይኮንሉ መድረኽ ንምብጻሕ፡ ቆሪጹ ተላዒሉ ኣሎ። በዚ ኸኣ ቃልሲ ንፍትሒ ኤርትራውያን፡ ሃገራውን ብቑዕን መሪሕነት ረኺቡ፡ ህዝቢ ኸኣ ንቓልሱ ብንቕሓት ምእንቲ ክሕዝ፡ እንሆ ሓድሽን ዝበረኸን መድረኽ ቃልሲ የጋውሕ ኣሎ።

ፖለቲካዊ ክፍሊ ሃገራዊ ሰልፊ
ጥሪ 2024